**መግለፂ ቅዋም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ**

ግዝኣትና ተጎቢጡ፣ ህዝብና ተበታቲኑን ኣይሂ መዓት እናዘነበ እንተሎ፡ ጅማሮ መንገዲ መዋፅኦ እዚ መዓት ንኹሉ ዝሓቖፈ ጥንኩር ብሄራዊ መንግስቲ ኣብ ምምስራት ከምዝውሰን ደጋጊምና ገሊፅና ኢና።

ትግራይና ካብ ትርከቦ ዓዘቕቲ ንምውፃእ ዘኽእሉ መማረፅታት እናቐረበን ተኸታታሊ ፃውዒት እናገበረን ዝፀንሐ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ነዚ ዝፃረር ደርጋዊ ኣዋጅ ብመራሕቲ ሰራዊት ምውፅኡ እቲ ፀገምና ናብ ዝኸፈአ ብርኪ ከም ዘሰጋግሮ ይኣምን።

ወታደራዊ መንግስቲ ፈፂሙ ዘይቕበል ሳልሳይ ወያነ ትግራይ፡ ብሓይሊ ይኹን ብሰራዊት ተሓዚሉ ናብ ስልጣን ንዝድይብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ከም ፖለቲካዊ ውድብ ዘይኮነስ ከም ዕጡቕ ሓይሊ ስለዝሪኦ ዝህልወና ርክብ እውን ርክብ ፖለቲካዊ ውድባት ክኸውን ከምዘይኽእል ክነፍልጥ ንደሊ።

ትግራይ ካብ ኲናት ጀኖሳይድ ወፂኣ ሓቛፊ መንግስቲ ክህልዋ ናይ ደቂ ብሄረ ትግራይ ጠለብ ዋላ እንተኾነ፡ ካብዚ ብተፃራሪ ዝግበር ዘሎ ንህዝቢ ትግራይ ኣድኒንካ ናይ ምግዛእ ድልየትን ትኽለት ምልኪ እናኾነና ብቐፃልነት እውን ምስ ህዝብና ኮይንና ከም ንቃለሶ ነፍልጥ።

ንሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝሓደሩ መራሕቲ ሰራዊት ኣብ ትግራይ ክተኽልዎ ዝደልዩ <<ወታደራዊ መንግስቲ>> ብዝኾነ መለክዒ ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ዝኣምን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ፡ ነዚ ስዒቡ ንዝፍጠር ዝኾነ ጥፍኣት እቶም ወታደራዊ መራሕትን ብድሕሪት ኮይኑ ዝገንሖም ዘሎ ፖለቲካዊ ሓይልን ተሓተቲ ምዃኖም ብኣግኡ ክፍለጥ ይግባእ።

ዓለማውን ኸባብያውን ኲነታት ኣብ ግምት ዘየእተወ ዕሙት ፖለቲካ ህወሓት፡ ትግራይና ንትርከቦ ሕሰም ኣቃሊዕዋ ኣሎ። ንድሕነት ህዝብን ብሄርን ዝሓስብ ሕድሕድ ትግራዋይን ንረብሓ ትግራይ ዝተወደባ ውዳበታትን ንፖለቲካ ህወሓት ይኾኖ ብምባል፤ ብሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዝቐረበ ብሄራዊ ጉባኤ ተፀዊዑ ጥንኩር ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ዘለዎ ግዝያዊ ምምሕዳር ከም ብሓዱሽ ናይ ምጥያሽ እማመ ብምድጋፍ ሰላምን ረብሓን ትግራይን ኣብ ምርግጋፅ ፅዕንቶኦም ከሐይሉ ንፅውዕ።

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ
16 ጥሪ 2017
ትግራይ፣ መቐለ